# ምርጥ እቶን

## ካብ ምውፃእ ትኪ ተመሓይሹ ዝቐረበ!

## ዝተማሓየሸ ናይ እንጀራ እቶን

- ዕንጨይቲ ክትቑጥብ ተገይራ አብ ኢትዮጵያ ማእኸል ምስፍሕፋሕ ልምዓት ኢነርጂ ገጠር ዝተዳለወት እንጀራ እቶን ተማሓይሻ ቀሪባ አላ፡፡
- ንዕንጨይቲ ዘውፅእዎ ወፃኢ ብፍርቂ ዝአክል ኣብ ልዕሊ ምቕናሳ እታ እቶን ትኪ ስለዘየብላ ኣብ ዓይንን ኣብ መተንፈሲ አካላትን ካብ ዝበፅሕ ናይ ጥዕና ፀገማት ይድሕኑ እዮም፡፡
- ዙርይአ ዕፅው ስለዝኾነ ካብ ሓዊን ባርዕን አብ ልዕሊ ምክልኻላ ንሓደጋ ባርዕ አይተቃልዕን፡፡
- ካብ ባዓል ሰለስተ እምኒ መሰንከቲ ዘለዎ እቶን ብዝላዓለ ፍጥነት ተሰንክት እያ፡፡
- ማኣዲ ገዛና ፅሬቱ ክሕሎ ትገብር እያ፡፡
- ኣብቲ ዝተመሓየሸ ምርጥ እቶን ንባዓል ሰለስተ እምኒ መሰንከቲ ዘለዎ እቶን እንጥቐሞም ናይ ዕንጨይቲ ዓይነታት(ዕንጨይቲ ፣ ኲቦን ቓንጫታትን ወዘተ...) ምጥቃም ይካአል እዩ፡፡
- ዋግኡ ምስ ናይ ሕ/ሰብ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ እንትነፃፀር ተመጣጣኒ ስለዝኾነ ብዙሓት ገዚኦም ይጥቀምሉ አለው፡፡

ስለዝኾነ እውን ዝተመሓየሸ ምርጥ ናይ እንጀራ እቶን ብምጥቃም ገንዘቦም ይቑጥቡ፤ ጥዕነኦም ይሕልው፣ ብተወሳኺ እውን ናይ ኣግራብ ሃፍቲታትና ብምንክብኻብ እጃሞም ይዋፅኡ፡፡

## 150,000 ምርጥ እቶናት አብ ግልጋሎት እንተዝውዕሉ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ይርከቡ፡-

- ዝቑጥብዎ መጠን ዕንጨይቲ በቢ ዓመቱ 86,250 ቶን ይኸውን፡፡
- ብጠቕላላ አስታት 31,500,000 ቕርሺ ንዕንጨይቲ ካብ ምውዓል የድሕን እዩ፡፡(እዙይ እውን ንኻሊእ ግልጋሎት ንኸውዕል ይገብር)
- በቢዓመቱ 11,205 እስካብ 15,000 ሄክታር ዝኸውን ኣግራብ (ባህር ዛፍ) ካብ ምብራስ የድሕን እዩ፡፡
- እዚ ኣግራብ አዙይ እንተዝበርስ ኔሩ ንውኡ ንምትካእ ንተኽሊ ምትኻል ዘድልይ ዝነበረ ኣስታት 71,200,000 ቕርሺ ንካሊእ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል እዩ፡፡
- ብሓፈሽኡ እቲ ዝፍጠር ትኪ ስለዝቕንስ ብኽለት ኸባቢ አየር ይቕንስ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ እውን ኣግራብ ናይ ተፈጥሮ ሚዛን ንምሕላው ዓብዪ ተራ ይህልዎ፡፡

